يقين
YAQEEN
مكتب الدعوة والإرشاد بالمعذر وأم الحمام



باللغة الإرترية و الإثيوبية ( تجرينّا )

# مسائل وأحكام في الصيام
# وتنبيهات على أخطاء أو نقائص تقع من بعض الصائمين

# ደንብታትን ኣገዳሲ ነጥብታትን ናይ ጾም
# ገለ ጾወምቲ ዝፍጽምዎ ጌጋታት ወይ
# ን-ኣጅሪ ጾም ዘጕድሉ፣ ሓበሬታ

للشيخ : عبد الله بن عبد الرحمن بن جبرين رحمه الله
ترجمه : الداعية / صالح سعيد

www.islamic-invitation.com



## ደንብታትን ኣገዳሲ ነጥብታትን ናይ ጾም

1- ወርሒ ረሞዳን ምእታው ዝረጋገጸሉ ናይ ረሞዳን ሓዳሽ ወርሒ ምስትወጽእ ወይ ድማ ናይ ሻዕብን ሰላሳ መዓልቲ ብምምላእ

2- ን ምሉእ ወርሒ ረሞዳን ኣብ ፈለማ ሓደ ንያ ምግባር ይኣክል እዩ ግን እንተደኣ ኣብ መንጎ ኣፍጢሩ ነይሩ ብ መገሻ ወይ'ውን ብሕማም ዝኣመሰለ ናይ ግድን ንያ ክሕድስ ኣለዎ ምኽንያቱ ኣቋሪጽዎ ስለ ዝነበረ



3- ጾም ንኽጸውም ዘይክእል ብዕብየት ወይ ንኽሓዊይ ተስፋ ዘይብሉ ዝሓመመ ሰብ ክእለት እንተለዎ ናይ ነፍሰወከፍ መዓልቲ ንምስኪን የብልዕ

4- ሰላት ዘይሰግድ ጾሙ ቅቡል ኣይኮነን ምኽንያቱ ነብይና ሙሓመድ ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም (ኣብ መንጎናን ኣብ መንጎ ከሓድትን ዝፈሊ ሰላት'ዩ) ስለ ዝበሉ ዘይሰግድ ሰብ ምስ ከሓድቲ'ዩ ዝቑጸር

5- እንተደኣ እቲ ዝእዝን ሰብ ጥንቁቅ ወቕቲ ሓልዩ ዝእዝን ኮይኑ ካብ ዝብላዕን ዝስተን ካብ ኩሉ ንስያም ዘፍርሱ ክትቁጠብ ናይ ግድን እዩ። እንተደኣ እቲ ዝእዝን ግን ብይኹውን ኢሉ ወይ ብዝተጸሓፉ ናይ ዓውደ ኣዋርሕን ዝጥቀም ኮይኑ ክትጥንቀቕ ኣለካ።

6- ጥፍጣፍ ምውሓጥ ጸገም የብሉን እዚ'ውን ኣብ መንጎ ዑለማእ ፍልልይ የብሎምን ዓኽታ ግን ኣብ ኣፍ እንተደኣ በጺሑ ክነውጾእ ኣለና ምኽንያቱ ክትቆጻጸሮ ትኽእል ኢኻ

7- ካብ ጾዋማይ ዝወጽእ ደም በፍንጫ መሳሊ ወይ ካብ ደቅንስትዮ ናይ ወርሓዊ ደም ዘይኾነ ን ጾም ኣየባላሸውን'ዩ ። ንጾም ዘፍርስ ደም ወርሓዊ ናይ ደቅንስትዎ ጽግያት ማሕጎማ እዩ፡ኣብ ኣድላይ ንምርመራ ዝወሃብ ደም ግን ኣየፍጥርን እዩ

8- ተምላስ ባዕሉ ተፊኡ ተወጸ ኣየፍጥርን'ዩ ባዕልኻ ደፋእፊእካ ተሰዲድካይዮ ግን የፍጥር እዩ



9- መድሃኒት ናይ ጐሮሮ ኣብ ጐሮሮኻ ጥራይ በጺሑ ናብ ከብዲ ዘይወርድ ኣብ ኣድላይ ተዘይኮይኑ ዘይምጥቃም ይምረጽ



10- ኣብ ዓይኒ ኣብ እዝኒ ዝነጥብ መድሃኒት ከምኡውን ኩሕሊ ንጾዋማይ ይፍቀድ'ዩ

11- መግቢ መቀረቱ ምፍላጥ ብመልሓስካ ጣዕሙ ምፍላጥ ፍቑድኺ እንተኾነ ናብ ጎሮሮኻ በጺሑ ናብ ከብዲ ከይኣቱ ምጥንቃቅ የድሊ




12- ኣብ መዓልቲ ረሞዳን ጸይሞም እንከለው ሰብኣይ ንባዕል ቤቱ ኣገዲዱ ወሲባዊ ርክብ እተፈጺሙ ጾም ናይ ሰበይቱ ቅኑዕ ኮይኑ እሱ ግን ዘንበኛ ኮይኑ እታ መዓልቲ ክትካኣን(ክቀድያ) ንሓደ ባርያ ነጻ ከውጽእን እንተዘይኪኢሉ ድማ ሱሳ መዓልቲ ክጸውምን እንተዘይኪኢሉ ድማ ሱሳ መሳኪን ከብልዕን ይግበኦ

13- ብዛዕባ ንስሚዒት ዝቕስቅስ ብምሕሳብ ወይ ደቂሱ ከሎ ናይ ዘርኢ ፈሳሲ ምውጻእ ንጾም ኣየባላሹን እዩ

14- ድሕሪ ሽነቲ ማይ ዝወጽእ ፈሳሲ ንጾም ኣየበላሹን እዩ

15- መርፍእ ብሕክምና ዝውሰድ መድሃኒት መግቢ ዘይኮነ ኣብ ሱር ይኹን ኣብ ጅማት ዝውጋእ ወላ'ኳ ኣብ ጎሮሮኻ ጣዕሙ እንተተፈለጠካ ኣየፍጥርን እዩ

16- ብምርሳዕ ዝበልዐን ዝሰተየን ንጾሙ ኣይባላሽወሉን እዩ እንተደኣ ዘኪርዎ ግን ወላ ኣብ ኣፉ ዘሎ ብቕጽበት ከውጽኦ ይግባእ





17- ጥንስትን ተጥቡን ከምቲ ዝሓመመ ሰብ እንተኸቢድዎ ከፍጥር ዝፍቀዶ ከምኡ ከፍጥራ ይኽእላ እየን ነትን ዘፍጠረአን መዓልታት ኣብ ዝተኸኣለአን ግዜ ይትከአአን

18- ብ ኣፍንጫ ዝነጥብ መድሃኒት ኣብ ከብዲ ወይ ጎሮሮ እንተበጺሑ የፍጥር እዩ

19- ኣብ ከንዲ ዝብላዕን ዝስተን ብመርፍእ ዝወሃብ መድሃኒት እንተደኣ ጸዋማይ ወሲድዎ የፍጥር'ዩ

20- ሓደ ኣስላማይ ኣብ ረሞዳን ሓሚሙ ብዝሓመሞ ድሕሪ ረሞዳን እንተሞይቱ ፊድያ ይኹን መተካእታ (ቀዳእ) የብሉን ሸርዓዊ ምኽንያት ስለ ዘለዎ

21- ገያሻይ እቲ ዝበለጸ እንተፍጠረ እዩ እንተጸመ ግን ጸገም የብሉን ምኽንያቱ ነብይና ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም ክልቲኡ ስለ ዝተጠቀሙ እንተደኣ ሙቀት በርቲዑ እሞ ዝሸገርን ዝጸምእን እንተኾይኑ ከፍጥር'ዩ ዝበለጸ



22- ኣብ መዓልቲ ረሞዳን ካብ ምጥቃም ... ምጥንቃቅ ኣብ ሸሪዓ መሰረት የብሉን ም... መወጽ ስና እዩ

23- ጸዋማይ ጥዑም ጨናታት ከጥቀም ... ዝተከኸ ነገር ጽገም የብሉን

24- ካብ ስኒ ዝወጽእ ደም ንጾም ኣይነከእ... ግን ብዝተኻእለ መጠን ከይትውሕጦ ምጥ... ከምኡውን ብ ኣፍንጫ ዝወጽእ ደም ናብ ... ከይበጽሕ እንተደኣ ተጠንቂቁ ኣየፍጥ... ቀዳእ'ውን የብሉን።

## ገለ ጸወምቲ ዘፍጽምዎ ጌጋታት ወይ ን-ኣጅሪ ጾም ዘጉድሉ፣ ሓበሬታ

1- ንረሞዳን ሙሉእ ሓደ ንያ ወላ'ኳ እኹል ተኾነ ኣብ ለይት ወይ ቅድሚ ወጋሕታ ን ፈርዲ ጾም ኒያ ከይገበርካ ምሕዳር

2- ወላ'ኳ ገለ ኣዛን ዝእዝኑ ንጥንቃቀ ኢሎም ቀዲሞም እንተኣዘኑ ኣዛን እና ኣዘነ ወይ ምስ ወደኣ ምብላዕን ምስታይን

3- ሱሑር ቅድሚ ፈጅሪ ብሰዓት ወይ ብኽለተ ሰዓት ኣቀዲምካ ምብላዕ እሞ ኸኣ ኣብ ሽሪዓ ፍጡር ምቅልጣፍ ሱሑር ምድንጓይ ፍቱው እናሃለወ

4- ኣብ ዝበዝሐ ሰብ ኣብ ዝብላዕን ዝስተን ዓቀን ዘይምግባር ምኽንያቱ ረሞዳን መሰረታዊ ፋይድኡ ጥምየት'ዩ እሱ'ዩ ኸኣ ናብ ፍርሒ ዝዕድም



5- ካብ ሰላት ናይ ጀማዓ ምስጋድ ሽለል ምባል ብፍላይ ድማ ዙህሪን ዓስርን ብዘይጠቅም ምኽንያት ናይ ቲህኪትን ፋይዳ ዘይብሉ ስራሕን

6- መልሓስካ ካብ ሕሜታን ሓሶትን ዘየድሊ ዘረባን ኣብ ግዜ ጾም ዘይምቁጣብ

7- እቲ ብሉጽ ምሩጽን ዝኾነ ግዜ ናይ ረሞዳን ብፈልም ምርኣን ብምዝዋረን ብጸወታን ብዘይ ቁምነገር ምሕላፍ



8- ረሞዳን ሰናይ ግብሪ ምስራሕ ዝብርክተሉ እዋን እናሃለወ ከም ቁርኣን ምቅራ ኣዝካር ምብዛሕ ሱናታት ምስጋድ ዘይምዝውታር

9- ሰላት ተራዊሕ ምስጋድ ልክዕ ከምሉእ ለይቲ ምስጋድ ከምዝቁጸር ኣብ ሽሪዓ ብዙሕ ዘተባብዕ ተዘኪሩ ከሎ ሸለል ምባል

10- እተን ዓሰርተ ናይ መጠረሽታ ለይትታት ረሞዳን ዝበለጸ ክንሰን ኣብ መብዛሕቱ ዝረኣ ግን ኣብ ፈለማ ረሞዳን ሰገድትን ቁርኣን ዝቀርኡን ብብዝሒ ተራእዮም ኣብ መጠረሽታ ግን ይስንፉ



11- መጨረሻ ረሞዳን ብዙሕ ፉልይ ብልጫ ከምዘለዎ ኣብ ሽሪዓ ተገሊጹ እናሃለወ ረሱል ሰለላሁ ዓለይሂ ወሰለም'ውን እንተደኣ እተን ዓሰርተ ለይታት ሮምዳን ኮይኑ ከሰግዱ ይሓድሩን ስድረኦም የተስኡን ከምዝነበሩ እናተነግረ ነዘን ለይትታት ዘይምጥቃም

12- ኣብ ለይታት ረሞዳን ፋይዳ ንዘይብሉ ምምሳይን ብኡ ድማ ሰላት ኣልፈጅር ከይሰገድካ


ምውዓልን ገለ ሰባት ድማ ብጀካ ምስ ረፈደ’ምበር ኣብ ወቕታ ዘይሰግድዋ ኣለው

13- ካብ ገንዘብካ ንሱኡናት ምሃብ ምብቃቕ ጽጉማት ኣብ ዝበዝሕሉ እዋን እንከሎ እሞ ድማ ኣብዚ ወርሒ’ዚ ሰደቃ ዝህብ ኣጅሩ ብዙሕ እናሃለወ

14- ዘካት ወላኳ ኣብ ረሞዳን ብፍላይ እንተዘይኮነ ብዙሓት ድማ ዘካት ምውጻእ ሽለል ዝብሉ ይርከቡ ዘካት መዳርግቲ ሰላትን ስያምን እዩ

15- ካብ ዱዓእ ምግባር ዝዝንግዑ ኣለው ብፍላይ ድማ ኣብ ግዜ ፍጡር ድዓእ ዝገበርካዮ ብዘይ ተቀባልነት ኣይምለስን እዩ

16- ሱና ኢዕቲካፍ ዘጥፍኡ ኣለው ብፍላይ ድማ ኣብተን ዓሰርተ መጨረሻ ረሞዳን እሞ ኸኣ ኣብ ሸሪዓ ን ኢዕቲካፍ ዘተባብዕ ተጠቂሱ ከሎ



17- ብዙሓት ደቀኒስትዮ ጨና ነስኒሰን ዘንጸባርቕ ክዳን ለቢሰን ናብ መስጊድ ይወጻ እዚ ከኣ ብዙሕ ፈተነ የምጽእ እናሃለወ

18- ብዙሕ ኣገዳስነት ንዘይብሉ ብፍላይ ኣብ ረሞዳን ደቀንስትዮ ናብ ሹቕ ምውጻእ የብዝሓ እሞ ኸኣ ብዘይ ስድረአን ክመላለሳ ይረኣያ

19- ኣብ ዒድ ተክቢራ ዘይምግባር እዚ ድማ ኣብ ቁርኣን ተጠቂሱ እናሃለወ ኣብ ዒድ ኣልኣድሓ ብፍላይ ሰለስተ መዓልቲ ከበሃል ዘለዎ እዩ

20- ዘካት ኣልፊጥር ካብ ግዜኡ ምድንጓይ እቲ ውሱን ግዝይኡ ድማ ቅድሚ ሰላት ኣልዒድ እዩ ከምኡውን ቅድሚ ዒድ ብሓደ ወይ ክልተ መዓልቲ ከተቀድሞ ትኽእል ኢኻ

وصلى الله وسلم على نبينا محمد.


موقع المكتب على
خرائط Google

SA13 8000 0251 6080 1017 7778
SA13 1500 0999 1142 5508 0005

+966 11 488 4496
+966 11 482 7489
+966 55 4455 643
info@yaqeenweb.com
yaqeenweb
www.yaqeenweb.com